# ፍትሓዊ ኮይኮንካ ፍትሒ ምድላይ፡ ብተግባር

# ከይተሳተፍካ ዓወት ምጽባይ ፖለቲካዊ በለጽ'ዩ።

ምልክነት (ፋሽሽትነት) ልዕልነቱ ኣብ ዝተረጋገጸሉ፡ ፖለቲካዊ ወጽዓን ኣድልዎን ሳዕሪሩ፡ ኩለ-መዳያዊ ማሳላት ህዝቢ ኣብ ዝተጣሕሰላ ሃገር፡ ጸቢብ ግዝያዊ ረብሓ ምድላይ ወይ ናይ ኣገንዝቦ ጸገም እንተዘይሃልዩ ኣብ ኣለሻ ፍትሒ ክእቶ ባህሪያዊ'ዩ። ካብ ቁጽጽር ወጻኢ ብዝኾነ ስነ-ኣእምሮኣዊ ሕማም ዘይብሉ፡ ርትዓዊ ናይ ምሕሳብ፡ ነገራት ናይ ምግምጋም፡ ምምዛዘን ብቕዓት ዘለዎ ሰብኣዊ ፍጡር፡ ብህይወት ክሳብ ዘሎ ዝተነፍጎ ማሳላት ንምርካብ ኣሜራጺታት ከናዲ፡ ኩነታት ክንዲ ዝፈቐደሉ ብሓሳብ፡ ብተግባር፡ ብገንዘብ ይኹን ብነዋት ኣብ'ቲ ቃልሲ ናቱ ተሳትፎ ክገብር ውዱታ ዘይኮነ፡ ካብ ጥዑይ ሕልና ዝምንጨር እሰ ግዴታ'ዩ።

ሎሚ ሎሚ ኣብ ገለ ኤርትራውያን ንዕዘቦ ዘለና ኣረኣእያ ግን፡ ካብ ንቡር ፖለቲካዊ ኣካይዳን ፖለቲካዊ መንነት ናይ ሰባትን ወጽእ ዝበለ'ዩ። ናይ ገዛእ ርእሱ ፖለቲካዊ መንነት ካብ ዘለዎን ሓላፍነት ዝስማዖን ሰብ ዝፈለለ ብምዃኑ፡ ብኣግራሞት እንታይ ኮይኑ፡ እንታይ ኮይና ኢልካ ክትሓትት የገድድ። ምኽንያቱ ኣብ ኤርትራ ንልዕልና ማሕበራዊ ፍትሒ ክቡር ዋጋ ተኸፊሉ ክንሱ፡ ስርዓተ ፍትሒ ጠፊኡ፡ ውልቀ ምልክነት ካብ ልክዕ ንላዕሊ ከይዱ ፈንቲሩ፡ ናብ ዘይእውጅ ግብራዊ ፋሽሽትነት ካብ ዝሰጋገር ሰለስተ ዓሰርተ ዓመታት ኣቑጺሩ ኣሎ። ዝበዝሕ ህዝቢ ድማ ደረጃ ብደረጃ ካብ ግብራዊ ተመክሮኡ ተማሂሩ ሓቂ ተረዲኡ ኣሎ። ውሑዳት ወገናት ግን ዛጊት ኣብ ምጥፋእ ስርዓተ ፍትሒ ዘለዎም ርድኢት ወይ ንባብ ንጹር ኣይኮነን።

ማብገሲኡ ካብ ዘይብስለት ፖለቲካዊ ድዩ ወይስ ካብ ሕሱር በለጽ ክትፈልጥ፡ ፈሊጥካ ፖለቲካዊ ሜዛንካ ከተንብር ንፍርዲ የጸግም። እቶም ፖለቲካዊ መንነቶም ዘይተነጸረ ወገናት፡ ህጻናት ከይትብሎም ብዕድመ ዝበሰሉ'ዮም። ኣይተማህሩን ከይትብል ፈደል ዝቖጸሩ'ዮም። ንህይወቶም ስለ ዝሰግኡ መድረኽ ስለ ዝሰኣኑ'ዮም ከይትብል፡ ኣብ ርሑቕ ስደት ኣብ ውሑስ ቦታ ኣብ ምዕራባዊ ዓለም ዝነብሩ'ዮም። ሕጸረት መራኸቢ'ዩ ኢልካ ከይተመኽኒ፡ ብዘመናዊ መራኸቢታት ኣቢሎም ኣብ ኤርትራ ምስ ዘሎ ጸምእ ፍትሕን ደሞክራስን ዘይጠዓዓም ኣዝዩ ሕሱር መልእኽቲ ከመሓላልፉ ትሰምዕ። እቲ ጉዳይ ኣዝዩ ዝተሓላለኸን ዝገርምን'ዩ።

ኣብ ሃገርካ ህዝባዊ ልኡላውነት ኣረጋጊጽካ፡ ሕቶ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ቅዋም ብግቡእ ማኢስካ ታሪኻ፣ ባህልኻ፣ ቋንቋኻ ዓቂብካ በዕልኻ ንባዕልኻ እናመሓደርጋ፡ መሬትካ ፋሕቲርካ ብረሃጽካ ከም ምንባር ዝጥዕም ሓርነት የለን። ከምዚ ዓይነት ማሰረታዊ ሰብኣውን ደሞክራስያውን ህዝባዊ ሓርነታዊ ማሳላት ንምጉንጻፍ ድማዩ መሪር ደማዊ ብረታዊ ቃልሲ ዝተኻየደ። እዚ ክቡር ዋጋ ዝተኸፍሎ ዓወት ግን ብእምነት ክሕደት ተጠሊሙ ትጽቢት ዝተገብረሉ ሓርነት ባርነት ኮይኑ። ካብ'ዚ ሃዲሞም ወጺኦም ክንሶም ብልሳኖም ብዛዕባ ፍትሒ እናመደሩ፡ ብባህሪኦም ኣብ ደምባ ጸረ-ፍትሒ ምስላፎም ክትመዝን እንከለኻ

ብሓቂ ትግረም፡ ምግራም ጥራሕ ኣይኮነን። ከም ኤርትራዊ’ውን ሕፍረት ይስመዓካ። ካብ ልሳኖም ዝወጽእ ጻምእ ፍትሒ ከም ዘለዎም’ዩ ዘንጸባርቕ። ባህሪኦም ዘሜልክቶ ከኣ ጸረ-ፍትሒ’ዩ። ፣ ኣነ ደላዪ ፍትሒ’የ፡ ምኢኪ ይልገስ ፍትሒ ይንገስ” ይብሉ። በረኣእያኦም ዘርባዕባዕ፡ ብተግባሮም ዓንቀፍቀፍ ክብሉ ይረኣዩ።

ምስ’ቲ ክለግስ ዘለዎ ጠንቂ ወይ ጸረ-ህዝብን ጸረ-ደሞክራስን ጉጅለ ህግደፍ ዝጸንሖም ናይ ባህሪ ዝምድና ንዘይምብታኽ ዝኾንዎ ይጠፍኦም፡ ኢሳያስ ‘ምባር እቶም ካልኦት ‘ኮ ጸገም የብሎምን። ህግደፍ ‘ምባር እቲ መንግስቲ’ኮ ገለ ምትዕርራይ ገይርካ ከይፈረሰ ክቕጽል ይኽእል’ዩ። ሃገራዊ ድሕነት ‘ምባር፡ ሓይልታት ምክልኻል’ኮ ልኡላውነት ሃገር ዝሕሉ ዘሎ ዘኹርዕ ትካል’ዩ። ቅዋም 1997 እንተዝትግበር’ኮ እዚ ዘሎ ጸገማት ኩሉ ምተፈትሐ ነይሩ። ኣብ ትሕቲ ዝኾነ ይኹን ኩነታት ግን፡ ብስመማዕል፡ ፍትሒ ደሞክራሲ ዝለዓል ሃይማኖታዊ፣ ብሄራዊ፣ ደርባዊ ሕቶ ባይታ ክረክብ የብሉን። ስለምንታይ እዚ ከምዚ ዓይነት ሕቶታት ትሕቲ ሃገራዊ ስለ ዝኾነ ኣይንቕበሎን። ከይሳዕረረ ድማ ክህረም ኣለዎ። ቅድሚ ኩሉን ልዕሊ ኩሉ ሃገር ይብሉ። ንድሕነትን ክብረትን ሰብ (ህዝቢ) ድሕሪ ግኡዝ ሜሬት ይሰርዕዎ። ነቲ ኣብ ደምበ ፍትሒ ኮይኖም ብልሳኖም ፍትሒ ይንገስ ዝብልዎ ከይተረደኦም ይሃርምዎ። “ኣብ ሓደ ርእሲ ክልተ ሜላሓስ” ከምዝበሃል ድማ ልሳንን ባህርን ክላተምትዕዘብ።

ከም ግቡእ ግን፡ እቲ ምረት ፖለቲካዊ ወጽዓን ኣድልዎን ሓቂ። ድሌት ፍትሒ’ውን ልባዊ ክኸውን ይግባእ ነይሩ። ብኣካል ኣብ ደምበ ደለይቲ ፍትሒ፤ ብባህሪ ኣካል ኣምሳል ጸረ-ህዝቢ ጉጅለ ህግደፍ ምዃን፣ ብፖለቲካዊ ቋንቋ ሞገጽ ኣልቦ ተዋላዋሊ። ብሃይማኖት ውጉዝ ሓጥያት። ብባህሊ ነውሪ ዘይእመን ተጎታቲ መንቀልወጢ። ብሕጊ ገበን ተባሂሉ ዝግለጽ’ዩ። ስለምንታይ’ሲ ብባህሪኦም ወጻዕቲ ጨፍለቕቲ እናሃለው፡ ብልሳኖም ደለይቲ ፍትሒ ተማሲሎም፡ ኣብ ማሳርዕ ደለይቲ ፍትሒ ተለጠፎም፡ ኣብ ኤርትራ ሓቀኛ ህዝባዊ ሰላም፣ ህዝባዊ ፍትሒ፣ ህዝባዊ ደሞክራሲ፣ ህዝባዊ ልምዓት ኣብ ቀረባ ግዜ ክውን ከይከውን ዓንቃፊ ተራ ይጻወቱ ስለ ዘለው፡ ብውሽጥኻ ማለት ብባህሪኻ ፍትሓዊ ኮይኮንካ ፍትሒ ምድላይ ድማ መግለጺ ፖለቲካዊ ብስለት ኣይኮነን። እዚ ከምዚ ዓይነት ጠባያት ኣምላኺ ውልቀ ሰብ፡ ገንዘባውን ነገራውን ረብሓን ምዃንካ’ዩ ዘረጋግጽ። ናይ ተፈጥሮ ሰብ ክንስኻ ኣምላኺ ናይ ከማኻ ሰብን ነዋትን ምዃን ድማ ብፍቓድካ ባርነት ምቕባል’ዩ ዘሜልክት። ብፍቓድካ ባርነታዊ ኣገዛዝኣ ምቕባል ከኣ፡ ብሰማያዊ ኮነ ምድራዊ ሕጊ ዘይሕዘነሉ ናይ ባርነት ባርነት’ዩ። እዚ ደምበ ደለይቲ ፍትሒ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ውሽጣዊ ሓድነቱ እናጠናኸረ ብዓይነትን ብዓቕንን ከይሰፍሕ፡ ከየጉላዕልዕ ማሓውር ጸላኢ ከይሰባብር ፖለቲካዊ ጻህያይ ፈጠሩ ዘሎ ድሑር ኣረኣእያ’ዩ።

ከምኡ’ውን ኣብ ኤርትራ ፍጹምእንኮ-ሰባዊ ፈራሕ ጨካን ስርዓት ከምዘሎ ይቕበሉ። ብዘይካ ብኹለ መዳያዊ (ሰላማውን ብረታውን) ኣገባብ ቃልሲ፡ ብልመና ብጸሎትን ምህለላን ንህዝቢ በዲለየ’ሞ ይቕሬታ ኢሉ ባዕሉ ብሰላም ከምዝይኣለ ዓውኢሎም ይምድሩ። ሓሳብኩም ጽቡቕ ግን ኣብ ሜሬት ኣውርድዎ። ብተግባር ተርጉምዎም ምስ እትብሎም ኣብ ክንዲ ምቕባል የዕጠጥዩ። ንዘይምትግባር ምኽንያት የብዝሑ። የድሓርሕሩ። ብኣጋጣሚታት ኣብ ዝካየድ

ኣኼበ፣ ጉባኤ፣ ሰሚናር፣ ሰላማዊ ሰልፊ፣ ጋዜጣዊ ዋዕላ ቅድሚት ተሰሪያም ሜላሓሰም ኣንዊሖም ብዙሕ ይብሉ። ፍልጠትኩምን ጉልበትኩምን ነቲ ህዝባዊ ቃልሲ ኣወፍይዎ እንክበሃሉ ስራሓይ ንኸምጹ ዕድል ዝህብ ኣይኮነን ይብሉ። ንስለ ይገብር ኣለኹ ንሸፈጥ ዘይኮነ ብእምነት ካብ ወርሓዊ ኣታዊኹም ትርጉም ዘለዎ ገንዘባዊ ወፈያ ግበሩ እንክበሃሉ ኢድየሕጽሩ። ወይ ድማነቲ ብልሳኖም ሚኪሎም ዘቕርብዎ ዘይምጥን ቁሩብ ቁራቦ ፈይየ ብሉ። ምሉእ ግዜኹምነቲ ቃልሲ ሃቡ። ኣብ ክንዲ ብርሑቕን ኣብ ድሕሪትን ኣብ ቅድሚት ሚእኩም ተረጋረጉ ኣብ ዝበሃልሉ ከኣ ኣብ ክንዲ ንቕድሚት ንድሕሪት ክስጉሙ ይጅምሩ። ክሳብ’ውን ነቲ ብልሳኖም ዝህብዎ ዝነበሩ ገቲኦም ጠቕሊሎም ካብ’ቲ ቃልሲ ነብሶም ዘግልሉ ኣለው።

እዚ ብንቕሓት ክእረም ዘለዎ ቀታሊ ኣረኣእያ’ዩ። “ሰብኣይን ደሊኻን ጨሕምን ጸሊእካን” ከምዝተባህለ፡ ብቃልሲ ክእለ ዘለዎ ዘቤታዊ ጸላኢ ከምዘሎ ኣሚንካ ኣብ ሃገር ማሰረታዊ ፖለቲካዊ ዓወት ክምዝገብ እናተጸበኻ፡ ኢድካን እግርኻን ኣሕጺርካ ሜላሓስኻ ኣንዊሕካ ኣለኹ ማለት ዘተዓዛዝብ’ዩ። ካልኦት ቅድሚት ተሰሊፎም ደምን ህይወትን ከፊሎም ዓወት ከምጽኡ፡ ብድሕሪት ኣብ ውሑስ ቦታ ኮይንካ ክትግምግም ከም ሰብኣዊ ፍጡር ክብሪ ዘጉድል’ዩ። ኣብ መንጎ ተቓለስቲ ምትእምማን ኣጥፊኡ፡ ምጥርጣር ዘንግስ ሓደገኛ ኣካይዳ’ዩ። ሰብ ኣይገምግም ኩሉ ድማ ኣብ ቅድሚት ይምጻእ ኣይኮንኩን ዝብል ዘለኹ። ኣብ’ቲ ገዛኢ ጉጅለን ዝፍጽሞ ዘሎ ኢ-ሰብኣዊ ግፍዕን ከሜይነት ኣወጋግዳኡን ልክዕ ዝኾነ ሓባራዊ ንባብ ክተሓዝ ኣለዎ። ብኡ ማጠን ዝግበር ተሳትፎ ኣብ ዘዘልኻዮ ቦታን ከከንዲ ዝዓቕምኻን ሓባራውን ውሁድን ክኸውን ኣለዎን ይግባእን’የ ዝብል ዘለኹ።

እዘም ኣብ ሓጺር ግዜ ኣንጸባራቒ ማሰረታዊ ፖለቲካዊ ዓወት ዝጸበዩ ወገናት፡ ገንዘብ ክፈሉ እንክበሃሉ ኢዶም ብምሕጻር፡ ብተግባር ኣብ ቅድሚት ተሰሊፍኩም ተዋስኡ እንክበሃሉ እግሮም ብምጉታት ጥራሕ ኣይኮኑን ዝልግሙ፡ እዚ ወሪዱ ዘሎ ሃገር ከደን ፖለቲካዊ፡ ቁጠባውን ማሕበራውን ቅልውላው፡ ኣብ ውልቀ ዜጋታት ዝርከብ ፍልጠት ገንዘብ ጉልበት ኣብ ዙርያ ሓቀኛ ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ፕሮግራም ክውደብ ኣለዎ። ቀዲሞም ክዋስኡ ዝጸንሑ ፖለቲካዊ ጉጅለታትን ውድባትን ብማሰረት ዝኽተልዎ ፖለቲካዊ ስነ-ሓሳብን ስትራተጂካዊ ኣንፈትን ኣብ ሓደ ዘምጽኦም እንተኾይኑ ክሰምሩ፡ ኣብ ሓደ ዘየምጽኦም እንተኾይኑ ኸኣ፡ ኣንጻር እዋናዊ ዘቤታዊ ጸላኢና ጉጅለ ህግደፍ ዘትከለ፡ ዝተሓተ ማሰማምዒ ነጥቢ ፈጢሮም ኣብ ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር ተጠርኒፎም ብውግዕን ብሕግን ክሰርሑ ይግባእ ንዝብል መተካእታ ዘይብሉ ፖለቲካዊ ሜላ ንምዕንቃፉ ኢንታ ከውጽእሉ ግዜ ኣይወስዱን። ስጉሞም ሓጺር ሜላሓሰም ነዊሕ ስለ ዝኾነ፡ እከለን እከለን ናብ ምሉእ ሓድነት የምርሑ ኣለው። ሓደ ንኹሉ ደላዪ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዝሓቁፍ ሰፊሕ ሃገራዊ ግንባር ንምምስራት ንጥፈታት ይካየድ ኣሎ ዝብል ሓበሬታ ካብ ዝተሰምዓሉ ጀሚሮም ዘተባብዕ ዘይኮነ፡ ምትእምማን ዝኸልእ ዝዘርግ ሓሳባት ብቐጥታን ብተዘዋዋርን ኣብ ምርባሕን ምዝርጋሕን ክዓየዩ ይረኣዩ።

ዓንቃፊ ርእይቶኦም ሰሚዒ ስኢኑ ዝተጀመረ ማስርሕ ሓድነት ድዩ ምሕዝነታዊ ግንባር ብውግዒ ሕጋውነት ለቢሱ ኣብ ተግባር ኣብ ዝወፍረሉ ኣጋጣሚታት፡ ኣብ ክንዲ ዜና ዓወት ዘቃልሑ፡ ዝጎደለ እናሜላኡ ኣወንታዊ ምኽሪ እናለገሱ ዘሳልይዎ ነገር ክጽሕትሩ ክብትንዎ

ከይደቀሱ ይሓድሩ። ነቲ ዝዓበየ ህዝቢ ናይ ምድሓን ዛዕባ ንጎኒ ገዲፎም እከለ ኣብ'ቲ ኣመራርሓ ቅድሚት ክመጽእ ነይርዎ። ከምኡ ዘይኮነ ሉ ምኽንያት ፈሊጥናዮ ኣለና። በዓል ሞሓመድ በዚሖም በዓል ገብረሚርያም ውሒዶም፡ ወይ ከኣ፡ ብዓል ገብረሚርያም በዚሖም በዓል ሞሓመድ ውሒዶም ኣብ ዝብል ድሑር ዛዕባ ይጽመዱ። ክንድቲ ንኽብሪ ውልቀ-ሰባት፡ ሃይማኖታውን ቦታውን ውክልና ዝግደስሉ፡ እቶም ሓድነት ዝገበሩ ኮነ ሰፊሕ ግንባር ዝማስረቱ ወገናት፡ እንታይ ዓይነት ፖለቲካዊ ፕሮግራም ኣጽዲቖም፧ ዓንዲ ሕጎ ምከ እንታይ ይብል? ዝኽተልዎ ስትራተጂን ስልትን'ከ እንታይ ይማስል? ኣብ ዝብል ትኹረት ኣይገብሩን።

ነቲ ማሰረታዊ ነገር ገዲፎም ኣብ ዘይ ሓጋዝን ዘይማሰረታውን ዛዕባ ከኹድዱ ይረኣዩ። እዚ ከምዚ ዓይነት ኣገንዝቦን ኣካይዳን ንገዛእ ርእስኻ ዛሕቲልካ ካልኦት ከማኻ ክዝሕትሉ፡ ኩሉ ብልሳኑ ኣንበሳ ብተግባር ናብ ፖለቲካዊ ሬሳ ክቕየር ዝዕድም ልማኣ ኣረኣእያ'ዩ። ልማኣ ፖለቲካዊ ርእይቶ ወኒንካ ድሙቕ ሃገር ከደን ፖለቲካዊ ዓወት ምጽባይ ድማ ፍረ ዘይርከቦ ባዶ ትምኒት'ዩ። ብሓሳብ ከይቀናዕካ ዝተበላሸወ ሃገራዊ ፖለቲካ ከተዕሪ ኣይትኽእልን። ከምኡ'ውን ብተግባር ከይተሳተፍካ ፖለቲካዊ ወጽዓ ኣይእለን። ፍትሓዊ ኣረኣእያ ከይወነንካ መትከላዊ ፖለቲካዊ ጽንዓት ክህልወካ ኣይሕለምን። ኣብ ዝኣተኻዮ ፖለቲካዊ ውድብ፡ ደሞክራስያዊ ግንባር ድዩ ሰፊሕ ምሕዝነታዊ ሃገራዊ ግንባር ኣብ ቃልካ ጸኒዕካ ንመትከላቱ ብንቕሓትን ብምልኣትን ምእዙዝ ከይኮንካ፡ ኣብ ደማ ደለይቲ ፍትሒ ኣለኹ ኣብ ኤርትራ ማሰረታዊ ፖለቲካዊ ለውጢ ንምምጻእ ይቃለስ ኣለኹ ክትብል ቅድም ቀዳድምገዛእ ርእስኻ ምትላል'ዩ።

ስለዚ ፍትሓዊ ከይኮንካ ምፍትሒ ምድላይ፡ ብተግባር ከይተሳተፍካ ዓወት ምጽባይ ከንቱ'ዩ። ማብገሲኡ ከኣ ካልእ ዘይኮነስ ፖለቲካዊ ድሕረት'ዩ። በለጽ'ዩ። ፍትሒ ዝደሊ ኣብ ልዕሊ ካልኦት ወጹዓትን ግፉዓት ዘለዎ ኣጠማምታ ፍትሓዊ ክኸውን ይግባእ። ካብ ዘቤታዊ ጸላኢ ሓራ ክወጽእ፡ ሃገር ከደን ህዝባዊ ዓወትን ለውጥን ክርኢ ዝደሊ ከኣ፡ ብሓሳብን ብተግባር ኣካል ኣምሳል ናይ'ቲ ኣንጻር ጸላኢ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ኮይኑ ክርከብ ኣለዎ። ከምህዝቢ ካብ'ዚ ኣቲናዮ ዘለና ሰለሎ ክንወጽእ፡ እቶም ብሓሳብን ብተግባርን ብቕኑዕ ጎደና ዝከኣሎም ዝገብሩ ዘለው ወገናት ፍናን ወሲኾም ክምርሑ፡ እቶም ብሓሳብን ተግባርን ንለውጢ ዘተዓናቕፉ ኣብ ፖለቲካዊ ድሕረት ዝሕብሱ ወገናት ከኣ ዳግመ ርእይቶ ገይሮም ገዛእ ርእሶም ፈትሾም ክዕረዩ ይግባእ። ክእረም ዘለዎ ከይተኣረመ ብኸምዚ ንኸዶ ዘለና ከምህዝብን ሃገርን ካብ ውድቀትን ምትታንን ክንድሕን ምጽባይ የዋህነት'ዩ። እቲ እንኮ መድሕና ሓሳብና ንጹር፡ ፍትሓውን ብተግባር ዝተሰነየን ክኸውን ኣለዎ። ፍትሓዊ ከይኮንካ ፍትሒ ምጽባይ፡ ብተግባር ከይተሳተፍካ ዓወት ምጽባይ ግን፡ ዘይዘራእካዮ ምዕጻድዩ'ሞ ኣብ ውሽጥና ንዘሎ ፖለቲካዊ ዘራጊቶ ግቡእ ጠመተ ሂብና ብሓላፍነት ንግረሓዮ ንኣርሞ።

**ካብ ዛራ ማ**

05-09-2020